COVID-19

# ክትባት ብድሕሪ ሕማም ኮቪድ-19

BRITISH COLUMBIA
Ministry of Health

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

## ናይ ሕማም ተጻዋርነት እንታይ እዩ?

ናይ ሕማም ተጻዋርነት ማለት ናይ ኣካላትካ ዓቕሚ ናይ ሕማም ተጻዋርነት ኮይኑ፡ ኣካላትካ ንኸም ብዓል ቫይረስ ዝዓይነቶም ናይ ሕማም ታህዋስያን ምስ ተቓለዐ ዝፍጸም እዩ። ናይ ሕማም ተጻዋርነት ነጥርየሎም ሒደት መንገድታት ኣለዉ።

ብኽታበት- ዝተለዓዓለ ተጻዋርነት፡ ብመንገዲ ክታበት ንገለ ክፋል ናይ ሕማም ታህዋስያን ወይ ናይ ዝሞተ ናይ ሕማም ታህዋስያን ምስ ተቓላዕካ።

ብረኽሲ/ብሕማም ዝተጠርየ ተጻዋርነት፡ ነቲ ሕማም ብቐጥታ ምስ ተቓላዕካ።

ሓዲኡ ምስ ኣጋጠመ፡ ናይ ኣካላትካ ስርዓት ናይ ሕማም ተጻዋርነት ነቲ ሕማም ዘጥቅዑ ጸረ ታህዋስያን ንኸፍሪ ይተሳሰእ። ናይ ኣካላትካ ስርዓት ናይ ሕማም ተጻዋርነት ናይ ምዝካር ዓቕሚ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ መጻኢ ነዚ ሕማም ወይ ኣጸቢቑ ንዕኡ ንዝመስል ሕማም ምስ ትቃላዕ፡ ከምኦም ዓይነት ነቲ ሕማም ዘጥቅዑ ጸረ ታህዋስያን ብቕልጡፍ ብምፍራይ ብዝቐልጠፈን ብዝሓየለን ኣገባብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ እውን ምልክታት ቅድሚ ምርኣይካ ነቲ ሕማም ኣብ ምቕላስ ይሕግዘካ።

## ኮቪድ-19 ድሕሪ ምሕማመይ ናይ ምክልኻል-ውሕስነት ኣለኒ'ዶ?

ሓደ ሰብ ኮቪድ-19 ድሕሪ ምሕማሙ ገለ ደረጃ ናይ ምክልኻል ውሕስነት ከም ዘጥሪ ንፈልጥ ኢና። ፍኹስ ዝበለ ሕማም ዝሓመሙ ሰባት ወይ እቶም ምልክት ኣልቦ ሰባት (ምልክታት ሕማም ዘይተራእዮም) ድኽም ዝበለ ምላሽ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እዮም ዘርእዩ። ካብ ኮቪድ-19 ብምሕማም ዝርከብ ሓይሊን **ንውሓትን** ናይ ሕማም ናይ ምክልኻል ውሕስነት ብዙሕ ፍሉይነት ከም ዘለዎን ንብዙሓት ሰባት እውን እንደገና ንምሕማም ተኣፈፍቲ ጌሩ ከም ዝገድፎምን መጽናዕትታት የርእዩ።

## ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣብ ምሃብ ክታበታት'ዶ ይሕሹ?

ኮቪድ-19 ብምሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምጥራይ ምፍታን ናብ ካልኦት ከተተሓላልፎ ስለ ትኽእል ንዓኻ ይኹን ኣብ ከባቢኻ ን ዘለዉ ካልኦትን ሓደገኛ እዩ። ኮቪድ-19 ዕቱብ ሕማም ከኸትልን፡ ንነዊሕ ምሳኻ ዝጸንሑ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኻ ጽልዋ ዘለዎም ምልክታት ከስዕበልካን፡ ክሳብ ሞት ከብጽሓካን ይኽእል እዩ።

ክታበት ምኽታብ፡ ብምኽታብካ ኮቪድ-19 ክትሓምም ስለ ዘይትኽእል፡ እቲ ዝሓሸ ውሕስነት ዘለዎን፡ ኣሰራርሕኡ ክእመት ዝኽእልን፡ ንኮቪድ-19 ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እተጥርየሉ ኣገባብ እዩ።

## ኮቪድ-19 ሓሚመ እንተ ኔረ፡ ክታበት ክኽተብ ይግበኣኒ ድዩ?

እወ። ኮቪድ-19 ሓሚምካ ወላ እንተ ኔርካ፡ ደጊምካ ካብ ምሕማም ውሑስ ምክልኻል ንምርካብ ተረጋግጸሉ መንገዲ ነቲ ክታበታት ብምኽታብ እዩ።

ብኮቪድ-19 እንደገና ናይ ምጥቃዕ ሓደጋ ኣብ ዘይተኸትቡ እሞ ኣቐዲሞም ሓሚሞም ዝነበሩ ሰባት ካብቶም ዝተኸትቡ እሞ ኮቪድ-19 ሓሚሞም ዝነበሩ ሰባት ብኮቪድ-19 እንደገና ናይ ምጥቃዕ ዘለዎም ሓደጋ **ካብ 2 ክሳብ 5 ሳዕ ዝለዓለ** ተኽእሎ ከም ዘለዎ ካብ ኣሜሪክ ዝተረኽበ መርትዖ ኣርእዩ።

## ኮቪድ-19 ምስ ሓመምኩ መዓስ እየ ክታበት ክወስድ ዝኽእል?

ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ልክዕ ደሓን ምስ ተሰመዓካን ምውሻብ ክትቅጽል ዘየድልየካ ምስ ኮነን፡ ክትክተብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከባቢኻ ክታበት ብኸመይ ክትክተብ ከም ትኽእል ካብዚ ሊንክ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ፡ bccdc.ca/health-info/diseases-conditions/covid-19/covid-19-vaccine/vaccine-registration-eligibility

ImmunizeBC ኣብዚ ንቢሲ ምኽታብ ዝብል ሊንክ ክታበታት ብኸመይ ከም ዝሰርሑ ዝርዝር መግለጺ ሰፊሩ ኣሎ።

ብዛዕባ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ሊንክ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ bccdc.ca/health-info/diseases-conditions/covid-19/covid-19-vaccine

